# ኣብ ጊዜ ህጡር ክራማት፣ ክናብ ብዕራይ ሒዝካ
# ናብ ብርኩት ምህርቲ ኣይብጻሕን

ትብጻሓለይ

ናብቲ እናርኣየ ዓይኑ ዝዓመተ፣ እናሰምዐ እዝኑ ዘደንቆረ፣ እናፈለጠ ከምዘይ ፈለጠ ዘጽቀጠ፣ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሐቡራት ሃገራት

ገዛእቲ ሓይልታት ኤውሮጳ ኣብ መበል ዓሰርተ-ትሽዓተ ክፍለ ዘመን፣ እግሮም ናብ ክፍለ ኣህጉር ኣፍሪቃ ካብ ዘዕልቡ ኣትሒዞም፣ ንህዝቢ ኣፍሪቃ፣ ብገዛእ ዓዱን ምድሪቤቱን፣ ንኸይምድር ኣፉ ዓቢሶም፣ ንኸይቃለስ ኢዱን እግሩን ዓጺሮም፣ ነጻነቱ ሓሪሞም ኣደራዕ ገዚኦሞ። ህዝቢ ኤርትራ'ውን ከም ኩሉ ኣፍሪቃዊ፣ ግዳይ ናይዞም ገዛእቲ ሓይልታት ኮይኑ ተገፊዑ። ካልኣይ ውግእ ዓለም ብዓወት ሓይልታት ኪዳን ይደምደም ድኣምበር፣ ኣብ ውሽጢ ምሓውራት ገዛእቲ ሓይልታት ፖለቲካውን, ቁጠባውን, ወትሃደራውን, ቅልውላው ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ምስበጽሐ፣ እተን ካብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ኤውሮጳ ኣእጋረን ናብ ክፍለ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዘዕለባ ገዛእቲ ሓይልታት፣ ናይ ምግዛእ ዓቕመን እናተጸንቀቐ ብምምጽኡ፣ መብዛሕትአን ሃገራት ኣፍሪቃ፣ ከም ሃገር ልኡላውነተን ዓቂበን ኣብ መበል 1960 ታት ነጻ ክኾና ከለዋ፣ ሃገርና ኤርትራ ግን ንገጻ በረከት ንገዛእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ተቖርነት። ብሰንኪ ዘይፍትሓውን, ሻራውን, ኣድልዎ ዝነበሮ ውሳኔ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሐቡራት መንግስታት፣ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢ ዕድሉ ባዕሉ ንኸይውስን ናይ ምውሳን መሰሉ ተነፊጉን ተጋሂሱን። እዚ ንመሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ዝገዕጸጸ፣ ብውዕል ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቁረን ዝወሰነ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሐቡራት መንግስታት፣ ውዕል ፌደረሽን ብገዛእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ እናፈረሰን፣ ክብርን መሰልን ህዝቢ ኤርትራ እናተጋህሰን እንከሎ ዓገብ ክብል ኣይተራእየን።

ውዕል ፌደረሽን፣ ብጋዛእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ተጋሂሱ፣ ዓበይቲ ፖለቲካውን ማሕበራውን መራሕቲን ኣገደስቲ ባእታታት ኤርትራውያን ግዳይ ገዛእቲ ሓይልታት ኮይኖም፣ ገለ ተቐቲሎም፣ ገለ ንሕልፈት ተሞቒሖም፣ ገለውን ካብ ሃገሮም ናብ ስደት ኣምሪሖም። ኣርዑት መግዛእቲ ምስ ተረረ፣ ናብራ ህዝቢ ኤርትራ ምስ

መረረ፣ ተቓሊስካን ብሉጻት ከፊልካን እትረጋገጽ መንነት ንምንዳይ፣ ምስ መሪሕ ውድቡ ማይን ጸባን ኮይኑ፣ ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ  መሪጹ። ህዝቢ ኤርትራን መንግስቲ ኤርትራን ምረት ገድልን መስገደልን ጽቡቕ ጌሮም ዝፈልጡን ዝርድኡን፣ ዞባዊ ማሕበረ ፖለቲካዊ ሽግራት ምስ-ዝኽሰቱ፣ ተሃዊኾም ኣሉታዊ ስጉምቲ ዘይወስዱን፣ ብኣካል ብቑዓት፣ በእምሮ ብሱላት ከም ምዃኖም መጠን፣ ንዝተናውሐ ቃልሲ ተዓጢቖም ኣንጻር ልዕለ ሓያላን ክልቲኡ ደንበን፣ ገዛእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያን፣ ተቓሊሶም ተዓዊቶም። ህልውና ገዛእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ግንቦት 24- 1991 ዓ.ም. ንኽብቅዕ ዝኸኣሎ  ቀንዲ ምኽንያት'ውን ምስ ፍትሓዊን ዲሞክራስያውን መሪሕ ውድቦም ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ስለ ዝዓጠቑ ኢዩ።

ገድሊ/ሰውራ/ ህዝቢ ኤርትራ፣ ገድሊ ሃገራዊ ነጻነት፣ ገድሊ ህዝባዊ ሓርነት፣ ገድሊ ማሕበራዊ ፍትሒ ኢዩ። መሪሕነት ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ፣ ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ወዲቡን፣ ኣንቂሑን ጸረ ባዕዳዊ ገዛእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣዕጢቑ፣ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ሰውራ መስሪቱ። ንኹሎም ዲሞክራስያውያን ሓይልታትን ባእታታትን ኣብ መኣዲ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ጠርኒፉን ውዲቡን ተቓሊሱ። ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ፣ ብፍላይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፤ ብገዛእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያን፣ ብቤት ምኽሪ ጸጥታ ሑቡራት መንግስታትን፣ ካላኦት ሓያላት ፖለቲካዊ ሓይልታትን፣ ዝተጋህሰ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንምምላስ፣ ንኩሎም ብሄራት፣ ሃይማኖት፣ ጾታ፤ ብማዕረ ከይፈላለየ ንሓንቲ ፍትሓዊትን ዲሞክራስያዊትን ሃገር ንምምስራት፣ ወዲቡን ኣንቂሑን ኣዕጢቑን ኣቓሊሱን ካብ ዝተዓወቱ ኣህጉራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ሃገራዊ ፖለቲካዊ ውድባት ሓደ ኢዩ።

መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፣ ናይ ሎሚ መንግስቲ ኤርትራ፣ ውፉይ ሃገራዊ ሓይልን፣ ምሉእ ነብሰ ምትእምማን ዘለዎን፣ ንሕሉፍ ቃልሱ ገምጊሙ ናብ ዝነውሐ ጉዕዞ ቃልስን፣ ህንጸት ሃገርን ዝእምት፣ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ንኽህሉ ወትሩ ከይተሓለለ ዝሰርሕ፣ ለባምን መስተውዓልን መሪሕነት ኢዩ። መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፣ ንኹለን ሰውራዊ ሓይልታትን ማሕበራትን ወዲቡ፣ ኣንቂሑ፣ ኣዕጢቑ ተሳተፍቲ ህዝባዊ ቃልሲ ንኽኾና ባይታ ዘጣጥሐ ውድብ ኢዩ።

መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዘመነ ቃልሲ ይኹን ድሕሪ ነጻነት፣ ንኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ፣ ብማሕበር ደረጃ ጠርኒፉ፣ በተሓሳሰባ ብሱላት፣ ብኣካል ቡቑዓት፣ ኮይነን ጸረ ድርብ ማሕበረ ፖለቲካዊ ወጽዓ ንኽቃለሳ ባይታ ኣጣጢሑ፣ ካብ ተባዕታይ ጾታ ዘይፍለ ምሉእ ናይ ስራሕ ዕድላት ብምሃብ፣ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ምሕደራ ምኒስትራትን፣ ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ መንግስትን፣ ብሕታዊ ትካላትን፣ ኮይነን ንኽሰርሓ ኣፍቂዱ። ህዝባዊ ግንባር፣ ኣብ ዘመነ ቃልሲ ይኹን ድሕሪ ነጻነት፣ ንኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ምሉእ ሰብኣዊ መሰል ብምጥጣሕ፣ ኣብ ዝለዓለ ወትሃደራዊ ጽፍሒ ተሰሊፈን፣ ኣንጻር መጠነ ሰፊሕ ወራር ገዛእቲ ሓይልታት ተዋጊአን፣ ብሓላፍነት ደረጃ ክሰርሓን ክምክታን፣ ንውዑዕ ህዝቢ ኤርትራ ኩቡር ዋጋ ክኸፍላን ብሞራል ይኹን ብተግባር ብቑዓት ጌርወን።

ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ዘመነ ቃልሲ ይኹን ድሕሪ ነጻነት፣ ኣብ ሓራ ደጀንን ኣብ ከተማን ዕዉት ጉባኤ ደቂ-ኣንስትዮ ብምስልሳል፣ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ብቑዓት መራሕቲ ንሰለስተ እብረ መሪጸን። ንኹሉ ወጽዓን ድሑር ባህልታትን ተባዕታዊ ጾታዊ ምልክን,ጽዑቕ ወፈራዊ ጎስጓስ ብምክያድ፣ ንቕሓት ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ክብ ብምባል ጥራይ ዘይኮነስ፣ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን መንግስትን ብመትከል ክቃለሰሉን ከቢድ ዋጋ መስዋእቲ ዝኸፈለሉን፣ ገለካብቶም መንግስቲ ኤርትራን ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮን ዝተዓወትሎም ዓበይቲ ኣካል ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኢዮም። ትሕቲ ዕድመ መርዓን ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮን ንከይፍጸም ብሕጊ ደረጃ ኣብ ግብሪ ውዒሉ፣ ኣብ ምሉእ ሃገር ከቢሩን ተተግቢሩን። ኣብ ጊዜ ጥንስን ሕርስን ንዘጋጥሙ ጥዕናዊ ጸገማት ንምፍዋስን፣ ድሕሪ ወሊድ ክትግበሩ ዝግበኦም ናይ ኣደ ይኹን ናይ ዕሸል ጥዕና ንምሕላው ኣድለይቲ ክንክንን፣ ክትባት ህጻውንቲ እዋኖም ሓልዮም ብቅድመ ተከተል ንክወሃቡን፣ ኣብ መላእ ሃገር ኤርትራ ማእከል ጥዕና ብምህናጽን፣ ብቑዓት ጥዕናዊ ኪኢላታት ብምድላውን፣ ገምጋም ዓመታዊ መጠን ሞት ኣደን ህጻንን ብዝተዓጻጸፈ ቁጽሪ ክምዝንኪ ተገይሩ።

ኤርትራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኣካል ማሕበረ-ስብ ዓለም ከምምኳንን መጠን፣ ንኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ወኪለን፣ ኣብ ቡዙሓት ኣህጉራዊ ዋዕላታት ብምስታፍ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዝፍጸሙ፣ ማሕበረ ቁጠባዊን፣ ፖለቲካውን፣ ዱሑራት

ባህላዊ ጸቕጢታትን፣ ብዝተወሃሃደ ቃልሲን፣ ንቕሓት ህዝቢ ብምብራኽን፣ ዝበሰለ ሕብረተ-ሰብ ክፍጠር ከምዝከኣል ተመኩረአን ኣካፊለን።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ይኹን መንግስቲ ኤርትራ፣ ኣብ ህዝባዊ ቃልሲ ተወሊዱ፣ ኣብ ህዝባዊ ቃልሲ ዓኺኹ፣ ኣብ ህዝባዊ ቃልሲ ዝበሰለ፣ መሰል ህዝቡ ብገዛእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያን መሻርኽቶም ምዕራባውያንን ተጋሂሱ፣ ጸረ ግሁስ መሰል ህዝቡ ዝተቓለሰ ህርኩት መሪሕነት ኢዩ።

ራኢ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ጊዜ ቃልሲ ይኹን ድሕሪ ነጻነት፣ ሃገርና ኤርትራ፣ ብቁጠባ ብልጽግቲ፣ ብቴክኖሎጂ ምዕብልቲ፣ ሃገር ንምፍጣር ንተካኢ ወለዶ መንእሰይ ኤርትራ ኩሉ ዘድሊ ቀረብ ትምህርቲ ብምድላውን፣ ኣብያተ ትምህርቲ ብምህናጽን፣ ብኹሉ መዳይ ተዋዳዳሪ ኤርትራዊ መንእሰይ ንምህናጽ፣ ዝዓበየ ባጀት ናይ መንግስቲ ንምንስትሪ ትምህርቲ ከምዝውዕል ተገይሩ።

ኤርትራውያን መንእሰያት ናብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ምስተሰጋገሩ፣ ካብ ኩሉ ኩርናዕ ኤርትራ ብምጥርናፍ ሓደ ሓባራዊ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ብምህናጽ ሓቢሮም ክመሃሩን፣ ኣብ ነንሕድሕዶም ባህላውን ኣካዳምያዊን ሓሳባት ብምቅይያር፣ ተጠቀምቲ ከምዝኾኑ ተገይሩ። ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሳዋ ማእከል ኣካዳምያዊ ትምህርትን ባህልን ኤርትራውያን ኢያ።

ምህርቲ ብርኩት ቀውዒ እቶት ናይ ህርኩት ሓረስታይ ኢዩ። ህጡር ክራማት ክኣ ናብ ብርኩት ቀውዒ የሰጋግረካ። ህርኩት ሓረስታይ ንዝመጽእ ክራማት ናብ ረብሕኡ ንምቕያር ኮሎ ጌና ናውቲ ማሕረሱ ብዝግባእ ኣዳልዩ ይጽበያ። ኣብ መንጎ እቶም ንማሕረስ ዘዳለዎም ኣቡዑር ሓደ ክናብ ብዕራይ ምስዝህልዎ ግን፣ ኣብ ጊዜ ትኽል ንቐል ህጡር ክራማት እቲ ዝኸነበ ብዕራይ የግድዖ።

ህሉው ፖለቲካዊ መድረኽ ሃገርና ኤርትራ ምስንዕዘቦን ንግምግሞን ነዚ ኣብ ላዕሊ ብመልክዕ ምስላ ክናብ ብዕራይ ኣብ ጊዜ ህጡር ክራማት ንህርኩት ሓረስታይ ክዓሞ ዝግብኦ ዕማም ንኽይዓምም ዘግድዖ ይመስል። ህዝቢ ኤርትራ 'ወዲ ዓሻስ ክልተ ሻዕ ይውቃዕ' ከምዝበሃል እንዳኾና ይኽይድ ኣሎ። ፈለማ በቶም ዘይናቱ ጓኖት

ሓይልታት ኣብ ሓሙሳታት ተበዲሉን ተጓንዩን ተወቒዑን፣ ሕጂ'ኳ በዞም ከም ክናብ ብዕራይ ኣብ ጊዜ ህጡር ክራማት ምሰግድዓካ ኣብ ብርኩት ቀውዒ ብርኩት ምህርቲ ዘይትሓፍስ፣ ብዝኸነቡ ደቁ ይከላበት ኣሎ። ግህሰት መሰል ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ስዕረት ገዛኢ ሓይሊ ጣልያን ኣብ 1945 ዓ.ም. ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዘሕለፍዎ ብሪጣንያዊ ሞግዚትነት ኢዩ ጀሚሩ። ኣብ 1960 ዓ.ም. ብዝበኣሰ መልክዑ፣ ብዘይ ፍትወት ህዝቢ ኤርትራ፣ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ምቑራን ዝኸፍአ ኮይንዎ። ሎሚ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ መበል ዒስራን ሓደን ክፍለዘመን፣ ብምስምስ "ግህሰት ሰብኣዊ መሰል" ቤት ምኽሪ ሕቡራት ሃገራት ዘቖማ ሰለስተ ዝኣባላታ ውሻል መርማሪት ኮምሽንን፣ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ዝኸነቡ ደቂ ሃገርን ብምትሕብባር፣ ዝተሰንዐ ናይ ሓሶት ምስክርነት ብምቕራብ፣ ንመንግስቲ ኤርትራን፣ ላዕለዎት ሓለፍቲን ክኸስዎም ይጓየዩ ኣለዉ። ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዓሳ ክትሕዝ ባሕሪ ምንጻፍ ብዝብል ኣምር ነዚ መሰሉ ዝተጋህሰ ግንክአ ተባዕ ህዝቢ፣ ንላዕለዎት መራሕቱ ኣብ ዕላማ ንምእታው መልሕቖም ደርብዮም ኣለዉ። ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት ሃገራት ንህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ ኣብ ዓለም ምህላዉ ረሲዕዎ, ኣጓንይዎ, በዲልዎ። ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፣ መወዳእታን ቀያድን ብይን ኮምሽን ዶብ ኢትዮ ኤርትራ ኣብ ግብሪ ንከየውዕል ሓላፍነቱ ዘንጊዑ ዘርይዎ ይርከብ። ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፣ ነቲ ኣብ 1960 ታት ዝፈጸሞ ጌጋ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኩቡር ዋጋ ከፊሉ 1991 ዋላኳ እንተኣረሞ፣ "ዝሓለፈ ሕማምካ ኣይመለስካ" ከምዝብሃል፣ ሕማሙ ደግሲ ደጊስዎ ሕማቕ ታሪኹ ይደግም ኣሎ።

ዝኸበርኩም ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት፣ ነዚ ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ኣቀሚጠዮ ዘለኹ እወንታዊ ግብርን ስራሕን መግስቲ ኤርትራ ዳግማይ ክትግምግምዎን፣ መሰል ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራን ህዝባን ከተኽብሩን፣ ብስም ኩሉ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ እምሕጸን። ንምሕጽንታይን ምሕጽንታ ኣዚ ሁርኩት ህዝቢ ሸለል ኢልኩም እንተ ሓሊፍክሞ ግን፣ ብሓያልን ዝተወሃሃደን ቃልሲ ህዝቢን መንግስትን ኤርትራ፤ ከምቶም ኣቐዲሞም ዝሓለፉ ተጻብኦታት ክብርዑኑን ክበኑን ምዃኖም ፍለጡ።

ዘካርያስ ሰመረ ወልዱ

ከተማ ኣትላንታ ወርሒ ሰነ 2016